ዜና

# ስነ-ስርዓት ዝኽሪ 20 ሰነ 2016 ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ

ኤርትራውያን ነበርቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ብዕለት 19 ሰነ 2016፣ ን20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ በቲ ዝግብኦ ክብርን ድምቀትን ኣኽቢሮም። ኣብቲ ኣብ ከተማ ጆሃንስበርግ፣ ደቡብ ኣፍሪቃ ብሃገራውን ናይ ግንባርን ባንዴራታትን ንጅግንነትን ክብርን ሰማእታት ብዘንጸባርቑ ጭርሖታትን ስእልታን ብዝማዕረገ ኣደራሽ ዝተኻየደ ልዕሊ 300 ዜጋታት ዝተረኽቡሉን ኣጋጣሚ፣ ናይ ምውላዕ-ሽምዓ ስነ-ስርዓትን ጸሎትን ተኻዪዱ። ነቲ ኣጋጣሚ ዝምልከቱ መደረታት፣ መዛሙር፣ ግጥምታት፣ ታሪኻዊ፡ ሓቀኛን ዛንታታት ትረኻ ጅጋኑ ማእታት ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ብጉጅለ ባህሊ መንእሰያት ደ/ኣፍሪቃ "ሽያላ" ዝተዳለዉ መዛሙርን ሰውራዊ ደርፍታትን ቀሪቦም።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃን ሃገራት ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃን ኣቶ ሳልሕ ዑመር ነቲ ኣጋጣሚ ዝምልከት መደረ ኣስሚዑ። ኣብ መደርኡ ኣምባሳደር ሳልሕ፣ መዓልቲ ሰማእታት ሓንቲ ካብተን ቀንዲ በዓላትና ኮይና ጸኒሓን ኣላን ድሕሪ ምባል፣ ርዝነትን ክብደትን 20 ሰነ ኣብ ዝተናውሐ ናይ ቃልሲ ግዜናን፣ ድሒሩ ብዝሰዓበ ወራር ተጻባእትናን ዝኸፈልናዮም ብሉጻት ጀጋኑ'ዩ ዝዕቀን። እዚ ዓቐን'ዚ ዝፈጠሮን ዝወለዶን ድማ፣ እነሆ እዛ ዘይትድፈር፣ ብደም ደቃ ዝተዋሕሰት ኤርትራ፣ ህዝባ ብሰላምን ኩርዓትን ክነብረላ በቒዑ ኣሎ፣ ድሕሪ ምባል፣ እቲ ን20 ሰነ ዝፈጠረ ከቢድ መስዋእቲ ዝወለዶ ናይ ጽንዓት መብጽዓና ምኽኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን፣ ኢሉ። ስለዚ ንስድራ-ቤታት ሰማእታት ሓርበኛታትን ደቆምን ምንባይ ግዴታትናን ሓላፍነትናን ስለዝኾነ ብዝለዓለ ደረጃ ተዋሲእና፣ ኣጆኹም ብዛዕብኦም ቅሰኑ ንሕና ኣለናልኩም ክንብሎም ከም ዝግባእ ተላቢዩ። ቀጺሉ ኣምባሳደር ሳልሕ፡ ምንባይ ስድራ-ቤት ሰማእታት ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከምዝኾነን፡ መንግስቲ ንምንባይ ስድራ-ቤት ሰማእታት ዓመታዊ ልዕሊ 350 ሚልዮን ናቕፋ ምስልዑን፡ ካብ 2004-2015 ዓ.ም ልዕሊ 3.7 ቢልዮን ናቕፋ ኣብዚ መዓላ ከምዘውዓለን፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ካብ ዝተረኽቡ ግዱሳት ኤርትራውያን ዝተበርከተ ወፈያ ኣስታት 15 ሽሕ ስድራ-ቤታት ስዉኣት ብምጥያስን ብምጥዋርን ግቡኦም የሰላልሱ ከምዘለዉን ሓቢሩ።



ኣስዒቡ ኣምባሳደር ሳልሕ ቅድሚ ሓደ ሰሙን ብስርዓት ወያነ ዝታህቀነ ፍሹል መጥቃዕቲ፡ መርኣያ ናይ ሓድሽ ሽውሃት ኅበጣኡን ኮይኑ ካብ ውሽጣዊ ኩነታቱን ጸገማቱን ንምህዳም ዝገበሮ ፈተነ ተውሳኺ ንዕቀት ንኣህጉራዊ ሕግንን'ዩ ድሕሪ ምባል፡ እቲ ፈተነ ሳላ ጽንዓትን ተወፋይነትን ሓያል ሃገራዊ ጥምረትን፡ ያታ መኸተን ሰራዊትን ህብዝን መንግስትን ኤርትራ ከም ዝፈሸለ ኣብሪሁ። እዚ ኣብ ድሮ'ቲ ብጉልባብ ሰብኣዊ መሰላት ዝበሃል ንኤርትራ ንምንዋርን ንጅግንነትን ሉኣላውነትን ሃገርና ዝደፈረ እከይ ብልሓት ብሓደ ቃል ንኹንን ኢሉ። እዚ ሓድሽ መጥቃዕቲ ወያነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጻማ ጻዕሩ ኣብ ዝሓፍሰሉን ከምኡ'ውን ጽንብል ብሩራዊ ኢዮቤልዩ ብልዑል ባህታን ፍስሃን ኣብ ዝጽንብለሉን ብሓድ ወገን፡ ነዚ ዘብቅዕዎ ሰማእታቱ ብኽብሪ ኣብ ዝዝክረሉ ቅንያት በቲ ኻልእ፡ ምክያዱ ናይ ነገር ኣጋጣሚ ክሽውን ከምዘይክእል ኣነጺሩ። ስለዚ ንጃንዳ ወያነ ንህዝቢ ኤርትራ ንምርካኽ ትማሊ ከቢድ እንተነይሩ፡ ሎሚ ፈጺምካ ዘይከኣልን ዘይሕለምንዩ ንብሎ ኢሉ።

ቀጺሉ ብመራሕቲ ሃይማኖት ጸሎት ድሕሪ ምቕራቡ፣ ብኣምባሳደር፣ ኣባላት ኤምባሲ፣ መራሕቲ ሃይማኖትን ሓለፍቲ ማ/ኮምን ዝተመርሐ ናይ ምውላዕ ሽምዓን ምንባር ዕምባባታትን ስነ-ስርዓት ተኻዪዱ። ብድሕሪ'ዚ ነቲ በዓል ዘንጸባርቑ ግጥምታት፣ ትረኻ፣ ተዘክሮታትን ጀጋኑ ሰማእታት ቀሪቦም።






ኣብዚ ምሸት'ዚ ንምስሳን ማዕከን ሰማእታት ኤርትራ ብጥረ ገንዘብን ብመብጽዓን ብድምር ልዕሊ 25,000.00 ራንድ፣ (ኣስታት 1,700.00 ዶላር ኣሜሪካ) ኣታዊ ኮይኑ። ኣብ መወዳእታ እቲ ስነ-ስርዓት ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።

ብተመሳሳሊ፣ ኣብ ኣንጎላ፣ ዛምቢያን ቦትስዋናን ዝነብሩ ኤርትራውያን ዜጋታት ን20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፣ ብክብ ዝበለ ኣገባብ ናይ ሽምዓ ስነ-ስርዓት ኣኽቢሮም።

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!!!
ዓወት ንሓፋሽ!!